ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ተሸከርካሪ ወንበር ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ሕጋውያን ትካላት በዚ ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቑሓታት መሰረት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ነሓሰ 15, 2017 ( ቅድሚ 7 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ ነሓሰ 26, 2017 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኲመንት ዋጋ:200
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ ነሓሰ 26, 2017 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ተሸከርካሪ ወንበር ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ሕጋውያን ትካላት በዚ ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቑሓታት መሰረት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ናይ መቕረባይ ፍቓድ፡ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪTIN/፡ ናይ 2017 ዓ.ም ሕጋዊ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ ቫት ተመዝጋቢ ምኳኖም ከምኡ እውን ናይ ወርሒ ሰነ ዲክላረሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕረብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ካብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ፤

3. ናይቲ ንብረት ፅሬትን መጠንን ዝምልከት ትካል ብዘቕረቦ ሳምፕልን ዓቐንን ከቕርቡ

ዝኽእሉ፤

4. ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ካብ ዕለት 15/12/17 ዓ.ም ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ብር 200/ ክልተ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት

ክትወስዱ ትኽእሉ፤

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ በቲ ኣብ ተራ ቑዕሪ 2 ዝተገለፀ መሰረት ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኳኑ ክፍለጥ ይግባእ፣

6. ናይ ጨረታ ውፅኢት ከይተፈለጠ ንባዕሉ ካብ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፈልጥ ይግባእ፤

7. ናይ ጨረታ ሰነድ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ዝግበረሉ ካብ ዕለት 15/12/2017 ዓ.ም እስካብ ዕለት 26/12/2017 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንግሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ይኸውን፤

8. ጨረታ ዕለት 26/12/2017 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንግሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፀዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4፡00 ናይ ንግሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4ይ ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ይኸፈት። ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኸቡ እውን ሕጋውነቱ እስካብ ዝተረጋገፀ ናይ ጨረታ ሰነድ ኩሉ ዝኸፈት ይኸውን፤

9. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውዕኢት ምስተፈለጠ ካብ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፀማ ውሕስና /unconditional performance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፤

10. ሰዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምዃኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልቲ ኣብ ዘለዉ 5 ተኸታተልቲ መዓልትታ ውሽጢ ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕድርን ቀሪቡ ውዕሊ ክኣስር ይግባእ፤

11.በቲ ኣብ ተራ ቁፅሪ 10 ዝተገለፀ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕሊ ዘይኣሰረ ሰዓሪ ጨረታ ንጨረታ መኸበሪ ዘትሐዞ 2% ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፍለጥ ይግባእ፤

12. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

13.ተወሳኺ ሓበሬታ እንተተደልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 307 ብኣካል ብምቕራብ ምሕታት ይካኣል እዩ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle